# መልሲ ንፈኸራታት ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ

ዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ

251658240

ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ሃይለማርያም ደሳለኝ ካብ’ቲ እናኸፍአ ዝኸይድ ዘሎ ውሽጣዊ ሽግራት ሃገሩ ንምህዳምን ንዓማጽን ኣስፋሕፋሒን ፖሊሲኡ ንምንጽብራቕን ብ7 ሓምለ 2015 ኣብ ኣኼባ ፐርላማ ኢትዮጵያ ናብ ኤርትራ ዝቀንዐ ናይ ምፍርራሕን ፈኸራን መደረ ኣስሚዑ። ነዚ ንኤርትራ ከም መኸወሊ ሽግራት ኢትዮጵያ ክትኮና ዝመረጻን ከም ወኪል ንጎይቶቱ ንምዕጋብን ዘስምዖ ፈኸራ፡ ቅድሚ ምምላስና ግን፡ ነቲ ፈረንሳዊ ጽሓፍን ተመራማርን ብዛዕባ ስነ-ኣእምራዊ ኩነታት ሃይለማርያምን ውሽጣዊ ሽግራት ኢትዮጵያን ኣመልኪቱ ዘቅረቦ ጽሑፍ፡ ከምኡ ድማ ምስራዊ ጽሓፊ ብዛዕባ ዞባዊ ፖሊሲ ኢትዮጵያ ዘቅረቦ ትንተናን ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ።

**ቀዳማይ፡- ስነ-ኣእምራዊ ኩነታት ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ**

መጽሄት "መልእኽቲ ፓስፊካዊ ውቅያኖስ" ኣብ ናይ 29 ግንቦት 2015 ሕታማ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ብሰንኪ'ቲ ዝኸተሎ ፖሊስታት ኣብ ውሽጣዊ ኣኼባ ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም ብርቱዕ ነቐፌታ ከም ዘጋጠሞ ብምጥቃስ፡ ክሳብ ዝነብዕ ከም ዘዋረድዎን ዘሕሰርዎን ኣቃሊዓ። ስለዚ ከኣ ሕጂ ብቑዕ ሓላፊን መራሒ ሃገርን ንምምሳል ኣንጻር ኤርትራ ሓደገኛ ሳዕቤን ዘለዎ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ክወስድ ምኽኑ ይፍክር ኣሎ። ይኹን'ምበር ሽው ንብዓት ዘይኮነስ ደም ከፍስስ ምኽኑ ዝተረድአ ኣይመስልን። ብወገና ናብ'ቲ ነብሰ ቅትለት ጥራይ ክበሃል ዝከኣል ሓድሽ ወተሃደራዊ ዕንደራ ቅድሚ ምኻዱ ካብ'ቲ መምህሩ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ነበር መለስ ዜናዊ ኣብ 1998 ዝወሰዶን ንሰራዊት ኢትዮጵያ ናይ ኣስታት 80 ሽሕ ሰብኣዊ ክሳራ ዘስዓበሉን ወተሃደራዊ ዕንደራ ተማሃር ጥራይ ኢና ንብሎ።

**ካልኣይ፡- ውሽጣዊ ኩነታት ኢትዮጵያ**

ኣብ ጉዳይ ኢትዮጵያ ዓሚቍ ኣፍልጦ ዘለዎ ፈረንሳዊ ጽሓፍን ተመራማርን ሪኖ ሎፎር ብ8 ሓምለ 2015 ኣብ ኤለክትሮኒካዊ መርበብ "ክፉት ደሞክራሲ" ብዝብል ኣርእስቲ ዘቕረቦ ትንተና፡

1- ተቓወምቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዝሓለፈ ፓርላማ ኢትዮጵያ ዝነበሮም ሓደ መንበር ኣብ'ዚ ናይ መጨረስታ ኣብ ግንቦት ዝተኻየደ ምርጫ ከም ዝኸሰርዎ ብምምልካት፡ ብተመሳሳሊ እቲ

ኣብ ክልላት ዝነበሮም 1987 መናብር ናብ 3 ከም ዝወረደ ሓቢሩ። ስለዚ ናይ ውሑዳን ስርዓት ወያነ ዝወራዘየሉ ደሞክራሲ እዚ እዩ።

2- ርብዒ ካብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብድኽነት እናተሓመሰ ከሎ፡ ስርዓት

ኢትዮጵያ ግን ኣብ'ዚ መጨረስታ እዋን ከይሓፈረ ቀኑጠባዊ ዕቤት ኣረጋጊጸ ኣለኹ እናበለ'ዩ ዝጭድር።

3- ብሰንኪ ሽቅለት ኣልቦነት ዓሰርተታት ኣሽሓት ኢትዮጵያውያን ብምስጢር ብቀይሕ ባሕሪን ማእከላይ ባሕሪን ካብ ሃገሮም እናወጹ ከለዉ፡ ብኣንጻሩ ስርዓት ኢትዮጵያ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ብኣብነት ዝግለጽ ልምዓታዊ ዓወታት ከም ዘመዝገበ ይገልጽ።

4- ሚስተር ሪኖ ሎፎር ሓደ ካብ ታሪኻውያን መራሕቲ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ዝኾነ ስብሓት ነጋ፡ "ህዝባዊ ወያነ ብብልሽውና ተቆማጢዑ፡ ብሕማቕ ምሕደራን ዘይግሉጽነትን ይሕመስ ኣሎ" ክብል ከም ዝተዛረበ ኣብሪሁ። ስለዚ እቲ ግንባር ዓንዲ ሕቘ ናይ'ቲ ስርዓት ስለዝኾነ፡ እቲ መልእኽቲ ካብ ዝኾነ ካልእ መግለጺታትን ትንታነታትን ንላዕሊ ዝያዳ ሓባሪ እዩ።

**ሳልሳይ፡- ዞባዊ ፖሊሲ ኢትዮጵያ**

ምስራዊ ተመራማርን ጽሓፍን ዶክቶር ኣይመን ሸባና ኣብ ወርሒ ሓምለ ተሓቲማ ኣብ ዝወጸት ናይ ምስሪ መጽሄት "ኣስያሳ ኣድወልያ" "ኢትዮጵያ ንዞባዊ ጸጥታ ዓረብ ተስግእ" ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ ዘቕረቦ ትንተናዊ ጽሑፍ፡

1- ኢትዮጵያ ኣብ ዞባ፡ ኣህጉራዊ ረብሓታት እንኮላይ ንፍሉይ ረብሓታት ዋሽንግቶንን ተልኣቪቭን ኣብ ምግልጋል ኩሉ ግዜ ብቅዕቲ ዞባዊ ኪዳን ገይራ'ያ ንነፍሳ እተቕርባ።

2- ንሃገረ ሶማል ምድኻም፡ ኢትዮጵያ ኩሉ ግዜ ዝተመቓቀለት ወይ ኣዝዩ ድኹምን ኣብ ኢትዮጵያ ዝተመርኮሰን ማእከላይ መንግስቲ ዘለዋ ሶማል ንምርግጋጽ ትሰርሕ። እዚ ድማ ኣብ ሶማል ሓያል ማእከላይ መንግስቲ

ምእንቲ ከይህሉ እዩ።

3- ምዕብላል ቍጠባ ጂቡቲ፡ ኢትዮጵያ ንወደባት ጂቡቲ ከም ድላያ ክትግልገለሉ ዘኽእላ ስምምዓት ምስ ጂቡቲ ገይራ እያ። ሓደ ካብ'ቲ ስምምዓት ከኣ እቲ ንኢትዮጵያ ብቀጻሊ ናብ ባሕሪ ኣፍ-ደገ ዝህብን ብዘይዕንቅፋት ኣቑሑት ከተመላልስን ብወደባት ጂቡቲ ክትጥቀምን ኣገልግሎት ጽዕነትን መተሓላለፍን ካልኦት ምስኡ ዝተኣሳሰሩ ኣገልግሎታትን ብቀጻሊ ክትረክብን ዘፍቅድ ናይ 2002 እዩ።

4- ኢትዮጵያ ንእስላማዊ መጋባእያታት ንምውዳቕ ብምሉእ ሓገዝ ኣሜሪካ ኣብ ታሕሳስ 2006 ኣብ ሶማል ቅሉዕ ወተሃደራዊ ወራር ፈጺማ።

5- ምትግባር ውጥናት ኣሜሪካ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኢትዮጵያ ነቲ ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ረብሓታቱ ብዘገልግል ንምስራዕ ዝዓለመ ውጥናት ኣሜሪካ ንምትግባር ከም ብቕዕቲን እምንቲን ሓይሊ ገይራ'ያ ንነብሳ እተቕርብ።

6- ብመሰረት'ዚ ኣቀዲሙ ዝተገልጸ ሓቂታት እምበኣር ኢትዮጵያ ንጸጥታ ዓረባዊ ዞባ እተስግእ ጥራይ ዘይኮነት፡ ንሰላም ርግኣትን ጸጥታን ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ናብ ሓደጋ እተእቱ ሃገር'ውን እያ።

## ራብዓይ፡- መልሲ ንውዱቅ "ክሲታት" ኢትዮጵያ

ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ሃይለማርያም ደሳለኝ "ኤርትራ ንጸጥታን ርግኣትን ኢትዮጵያን ዞባን እትህውኽ ሃገር'ያ፡ ኢትዮጵያ ድማ ነዚ ትም ኢላ ክትርእዮ ስለዘይትኽእል ኣድላዪ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ክትወስድ እያ" ኢሉ። ኣስዒቡ ከኣ፡ "ሽግር ህዝቢ ኤርትራ" ዝበሎ ገሊጹ።

1- በታ ናይ መጨረስታ ነጥቢ ክንጅምር፡ ህዝቢ ኤርትራ ብመግዛእታውያንን ኣስፋሕፋሕትን ተኸታተልቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ካብ ንጉስ ሃይለ ስላሰ ክሳብ ሃይለማርያም ደሳለኝ ኣመና ከም እተሳቀየ ሎሚ ሓደ ዘይፈልጦ የለን። ስለዚ ከኣ ሰራዊቱ ኣብ 1998 ብዘካየዶ ወራር ንኣሽሓት ኤርትራውያን ካብ ቤት ንብረቶም ኣመዛቢሉ ገለ ክፋል መሬት ኤርትራ ሒዙ እናሃለወ፡ ቀድማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ብዛዕባ ኩነታት ህዝቢ ኤርትራ ክዛረብ ፍጹም ዘምሕረሉ ኣይኮነን።

ስለዚ ንቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ብዛዕባ ኩነታት ህዝቢ ኤርትራ ዝሓመምካ ድኣ ሕብሪ ዓይኖምዶ ተዊጡ እዩ? ክንብሎ ንደሊ። እዚ ነቲ ዝሓረረ ወረቓቕትኻን ዝተኸሸሐ ኣጀንዳ ጎይቶትካን ጥራይ ዝሕብር ንብዓት ሓርገጽ እዩ።

2- ድሕሪ ናይ ፍርቂ ዘመን ፖአቲካውን ዕጥቃውን ቃልሲ ናጽነቱ ከም ገይሩ ከም ዝጨበጠን ነቲ ብናይ ዶብ ምስምስ ዝተወልዓሉ ወራር ንሰለስተ ዓመታት ሉኣላውነቱ ዘውሓሰን ህዝቢ ኤርትራ ጉዳያቱ ንምፍታሕ ናትካ ይኹን ናይቶም ንስኻ እተገልግሎም ሓይልታትን ምኽሪን ማዕዳን ዘድልዮ ኣይኮነን። ፖሊስታትካን ናይ’ቶም ቅድሜኻ ዝነበሩ ስርዓታት ፖሊስታትን ከኣ’ዩ ንሽግራት ኤርትራን ህዝቢ ሶማልን ህዝብታት ኢትዮጵያን ዘጋድድ ዘሎ።

3- ኣብ ዘመናውን ጥንታውን ታሪኽ ብመግዛእታውን ኣስፋሕፍሕን ፖሊስታት ኢትዮጵያ ዝተሳቀየ ህዝቢ ኤርትራ ጥራይ ኣይኮነን። መብዛሕትአን ጎረባብቲ ኢትዮጵያ ዝኾና ሃገራት ብገዛእቲ ኢትዮጵያ ተዋሪደን እየን። ሕሉፍ ሓሊፎም ከኣ ብ26 ታሕሳስ 2006 ንሶማል ወሪሮም። ዓለም እናረኣየትን እናሰምዐትን ከተስቅጥ ከላ፡ ኤርትራ ግን ነቲ ወራር ብትሪ ኮኒናቶ።

4- ዝሓለፈን እዚ ሕጂ ዘሎን ስርዓት ኢትዮጵያ ንትግባረ ናይ’ቲ ብ13 ሚያዝያ 2002 ዝወጸ ናይ መጨረስታን ቀያዲን ውሳነ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ነጺጉ። ከምኡ ድማ ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ንኸይምለስ፡ ስርዓት ኢትዮጵያ ካብ ውሽጣዊ ሽግራቱ ንምህዳም ብሓደ ወገን፡ ጸጥታ ሰላምን ርግኣትን ኤርትራ ንምዝራግ ድማ በቲ ካልእ፡ ንኣጀንዳ ኣሜሪካ ኣብ ኤርትራን ዞባናን ንምትግባር ድማ ናይ ኣይሰላም ኣይኲናት ሃዋሁው ንክቕጽል ብኩሉ ዓቕሙ ይሰርሕ ኣሎ። እዚ ኩሉ እናፈጸመ ከሎ ከኣ’ዩ ከይሓፈረ ብዛዕባ ሰላም ምስ ኤርትራ ዝዛረብ።

5- ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ “ሰላም” ከም ዝደሊ ተዛሪቡ። ንሕና ድማ ናይ ብሓቂ ሰላም ትደሊ እንተ ኮይንካ ነዚ ዝስዕብ ክትግብር ኣሎካ ንብሎ።

ሀ- ብስምምዓት ኣልጀርስ ምምእዛዝ፡ ብዘይ ቅድመ ኩነት ንምውሳነ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ምትግባር።

ለ- ካብ’ቲ ሓይልታትካ ንኩሉ ኣህጉራዊ ሕግታት ብምግሃስ ሒዙዎ ዘሎ ሉኣላዊ መሬት ኤርትራ እንኮላይ ባድመ ምስሓብ።

ሐ- ሉኣላውነት ኤርትራ ምኽባርን ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያታ ዘይምእታውን።

መ- ንኩሉ ዓይነታት ፖለቲካውን ወተሃደራውን ምትኹታኽ ደው ምባል።